# ቃል ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ

ክቡራንን ክቡራትን፡ ኣጋይሽ ዕዱማት

ኣብዛ ሎሚ ዓመት 2014 ነብዕላ ዘለና ዕዝዝቲ ኣጋጣሚ ሓርነትናን ልዑላዊነትናን፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ፈተውቱን መሻርኽቱን ዮሃና! ነዚ በዓል ንምዕዛዝ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርናን ዓለምን፡ መሰናድኦታት ወዲቦም ብዝተፈላለየ መሳጢ መድረኻት ምርኢት ዘማዕረጉ ሽማግለ በዓላትን ኣባላት ሰራዊትን ሃገራውያን ማሕበራትን ተመሃሮን መንእሰያት ማሕበረ-ኮማትን ጥበባውያንን መሃዝትን፡ ባህላዊ ጉጅለታትን ፈተውቲ ህዝቢታትን ልዑል ምስጋና።

ፍሉይ ምስጋና፡ ኣብ መንጎና ንዝርከቡ ኣጋይሽ፡ ሓው ኢብራሂም ገንዱር፡ ሓው መሓመድ ጣህር ኤላ፡ ሓው መሓመድ ዮሱፍ ኣደም፡ ስለሱታፌኦም ንዕኦምን ህዝቢ ሱዳንን፡ ናይ ክብሪ ምስጋና ምስ ሰናይ ትምኒት።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን፡

ናጽነትን ልዑላዊነትን ህዝቢታት፡ ዓይነታትን ፍሉይነትን ኣለዎ፣ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነትን ልዑላዊነትን ከኣ ናቱ ፍሉይ ቃናን ትርጉምን ኣለዎ። ኩሎም ህዝቢታት ኣፍሪቃ ነናቶም ዝሕበኑሉ ታሪኽ'ኳ እንተለዎም፣ እዘን ሎሚ ከም ልዑላውያን ሃገራት ንፈልጠን፡ ኣብ መወዳእታ 19 ዘመን፡ ምስ ዝስፍሕፋሕ መግዛእቲ ኤውሮጳ ብቐንዱ፡ ቅርጺ ዝሓዛ'የን። ንናይ ሽው ጂኦ-እስትራተጂያዊ ኩነታት ዓለም፡ ኤርትራ ከም ባብ-ጐደና ምሽማው ሰሜናዊ-ምብራቕ ኣፍሪቃ ተወሲዳ፡ ካብተን ዝቐደማ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ቅርጺ ክሕዛ ዝጀመራ ሃገራት'ያ። ምስ ናይ ሽው ውጥናት ምስፍሕፋሕ መግዛእቲታት፡ ክሳብ ምጅማር 2ይ ዓለማዊ ኲናት ከኣ፡ ኣብ ኣዝዩ ፍጡን ማሕበረ-ቁጠባዊ መስርሕ ከም ትሰጋገር ተገይሩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ናይ ኣስገዳድ መስርሕ ምስግጋር (transformation)፡ ታሪኽ ተቓውሞ ኤርትራውያን ንመግዛእቲ፡ ብስልጡን ጅግንነትን ሓበንን ዝግለጽ'ዩ።

ድሕሪ 2ይ ዓለማዊ ኲናት፡ ምስ ምቅይያር ሚዛናት ዓለማዊ ስርዓት፣ ናይ ኤርትራን ህዝባን ጂኦ-እስትራተጂያዊ ቦታን ኣገደስነትን ኣይቀየረን። እቲ ሽው ዝተበገሰ ከም ዘመነ "ዝሑል

ኩናት” ዝፍለጥ ዓለማዊ ስርዓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ኪፍለጥ ዝግብኦ ክነሱ፣ ነቲ ዳሕራይ “ናጻ ኤርትራ፡ ንዓለማዊ እስትራተጂያዊ ረብሓታትና ኣይተገልግልን'ያ!” ተባሂሉ ዝተቐየሰ ውዲት ‘ምኽኑይ’ መቕድም ንምሕላፍ፡ ኣብ “ሞግዚትነት” ከምዝቖረን ተገይሩ። ኣብቲ ሓጺር እዋን ሞግዚትነት እንግሊዝ፡ ዋላ'ቲ ንኣገልግሎት መግዛእቲ ዝተዋደደ ትሕተ ቕርጺ ፈጺሙ ከምዝዓኑ ተገይሩ፣ መንነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ዝተኻየደ ከፋፋሊ ስርሒታት ናይ ርሑቕ ተዘክሮ ኣይኮነን። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተመስከረ ተቓውሞ ኤርትራውያን ከኣ፡ ከም ወትሩ ብጅግንነትን ሓበንን ዝግለጽ'ዩ ነይሩ።

ቅዲ ዕብለላን ምግባትን ዘመነ ‘ዝሑል ኲናት’፣ ከምቲ ዝቐደሞ ቅሉዕ ቀጥታዊ መግዛእቲ ዘይኮነ፡ ብውክልናዊ ሜላ ዝእለ ስለዝነበረ፣ ናይ ሸው ልዕለ-ሓያል ኣሜሪካ፡ ዓለማዊን ዞባዊን ዓብልል-ገብት ንምርግጋጽ፣ “ከይጸዋዕካዮም ዎሆይ! ከይለኣኽካዮም ናበይ!” ብዝብሉ ኣሳሰይታ፡ ንኤርትራን ህዝባን፡ ናብ መግዛእቲ ብውክልና ኣልሒቓ። ንሕርያ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዕንወትን ሓይሊን ንምቑጻይ ኣሜሪካን ዞባውያን መልሕቓታን ዝተፈጸመ በደል ኰነ፡ እቲ ኣብርዩ ዝዘረየ ሕብረት-ሶቭየት ነበር ዝቐጸሎ ወራራት፡ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ። ኣብ ዘመነ ዝሑል ኲናት፡ ኣብ እዋን መግዛእታዊ ምስፍሕፋሕ ብውክልና ዝተመስከረ ቅያ ተቓውሞን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ጥርዚ ናይ ኩሉ ታሪኽ መኸተን ጅግንነትን ሓበንን'ዩ።

እዚ ሎሚ ኣብ 23 ዓመቱ ነብዕሎ፡ ኣብ 1991 ህዝቢ ኤርትራ ዝጨበጦ ናጽነት እምበኣር፣ ናይ ኣስታት 100 ዓመታት ዘይስልኪ ብድሆን መኸተን ዛንታ፡ ኣንጻር ተኸታተልቲ መግዛእቲታትን ዕሱባቶምን'ዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ'ዩ፡ ቃናን መቐረትን በዓላት ናጽነትና፡ ፍሉይን መንቀል ረዚን ሓበንን ዝኸውን።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡

ኣብዘን ዝሓለፋ 23 ዓመታት'ውን እንተኾነ፣ ምስናይ ምኽታም ዝሑል ኲናትን ኣብ መስርሕ ዘሎ ዲናሚካዊ ዓለማዊ ምቅይያርን፣ ዝበለየ ሕልሚ ዓብልል-ገብት፡ “እንኮ ሓያል'የ” በሃሊት ኣሜሪካ ኣይተቐየረን። ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነት ሩፍታ ረኺቡ፡ ንህንጸት ሃገር ኣብ ዝተበገሰሉ፡ ውሑዳት ዓመታት ከይሰጎመ፡ ህውከትን ቅልውላዋትን ኣሳዊርካ፡ ቅሳነትን ዕብየትን ኰሊፍካ ጅሆ ንምሓዙ፣ ግጭት “ባሕራዊ ዶባት ምስ የመን”፣ ስዒቡ “ግጭት ዶብ ኣብ ባድመ”፣ ክልቲኡ'ዚ ፍርዳዊ መዕለቢ ምስ ተገብረሉ ከኣ፡ ምህዞ “ምስሕሓብ ዶብ ምስ ጅቡቲ”፣ ተኸታቲሉ። እዚ ኩሉ'ውን ንሸውሃት ዕብለላን ምግባትን ስለዘየጽገበ፣ ህዝቢ

ኤርትራ፡ ንሓርነት ዝተወረ ልዑላዊ መሬቱን ፍትሒን ምእንቲ ከይምከት፡ ድምጹ ንምዕባስን ኣእዳዉ ንምቕያድን፡ በስገዳድ ብስም ባይቶ ጸጥታ ኣብ 2009 ዝሓለፈ እገዳ፡ ኣንፈታዊ መርኣያ ሰንሰለት ዓማጺን ዘይሕጋዊን ተጻብኦ'ዩ። እዚ፡ ኩሉ ዓይነት ጻጋታት ህዝቢ ኤርትራ ኣማህሚንካ፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽዓድ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ዝተሰነየ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ዝካየድ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ቁጠባዊን ናይ ፍልሰት-ሰባትን ሸርሒታት ከይረሳዕካ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ንኣስታት 20 ዓመታት ዝቐጸለ እዉጅ ኩናት መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ከይተጻዕደ፡ ተሪሩን ሰዊዱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ውዲትን ሸርሒታትን ኣብ ቅድሚ ዓለም እናተበለለን እናፈኾሰን ከይዱ፣ ናይ ፈሓስቱ ጭንቀት እናዛየደ፡ ወግሐ-ጸብሐ ዝፍብረክ ጠቐነታትን፡ ንሰምዖ "የፍየል ወጠጥየን" መርኣያ ጥፍሽነቱ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት ዘመስከሮ ናይ ጅግንነትን ሓበንን መኸተ እምበኣር፡ ኣብቲ ታሪኻዊ 100 ዓመታት ዝድመር ቅያ'ዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡

ምስ ኩሉ'ዚ ክብ ኢሉ ዝተዘርዘረ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነትን ክብሪ ልዑላውነትን፣ ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት ብመንጽር ኩሉ ዓይነታት ተጻብኦ ዘማዕበልናዮ ንቕሓት፣ መኸተና ንሓርነት ልዑላዊ መሬትና ከይሰልከየ፣ ብሸርሒታትን ምትኹታኹን ጅሆ ከይተታሓዝና፣ መኣዝንን ቀዳምነትን ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ገጥ ምባል'ዩ ነይሩ። ትርጉም ክብሪ ሓርነትን ልዑላዊነትን ብዘላቒ (sustainable) ምምሕያሽ ዓይነት ሂወትን መነባብሮን ህዝቢ ስለዝገልጽ፣ ንሱ ኸኣ፡ ብዘይሕለል መኸተ ልምዓት ስለዝረጋገጽ፣ ቀዳምነት ቀዳምነታትና፡ ዝዓነወ ሃገራዊ ቁጠባ ድልዱል መሰረት ንምንጻፍ፣ ካብ ሰማይ-ጠቀስ ዓሙዳዊ ዘብለጭልጭ ንፕሮፖጋንዳዊን ህዝባዊ ርክባዊን (PR) ሃልኪ ዝጋዋሕ ፕሮጀክትታት ጻዕዳ ሓረምዝ ዝረሓቐ፡ ዘላቒ ዕብየት ዘውሕስ፡ ሰፊሕን ርትዓዊን ዝርግሐ ዘለዎ፡ ዜግነት ዘኽብርን ዕድላት ዜጋታት ዘየዘናብልን፡ ኣብ ሕርሻን ምስናዕን ኣገልግሎታትን ዘተኮረ፡ ሓቀኛ ቁጠባዊ ስርዓተ ህንጻ ምንዳቕ'ዩ። ዘይንቕነቕ መሰረት ንምንጻፍ፡ ዘመዝገብናዮን 'ነመዝግቦን ገስጋስ፡ ጽላት ብጽላት ዘልሓጥ ከይበለ፡ ዓቕንን ዓይነትን ዓቕሚን እናደለበ ይኸይድ ከምዘሎ ከኣ ባይታ ንዝጠመተ ርኡይ'ዩ። ድርኺቱን ናህሩን ከዛይድ ከምዝኾነ ከኣ ኣየጠራጥርን። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ'ዩ፡ ገስጋሱ ንምሕናቕ ዕቡድ ተጻብኦታት ኪካየድ ንዕዘብ።

ንኹሉ ዘላቒ ልምዓታዊ ገስጋስ፡ ምስ ካልእ ተመላኢ ጻጋታት፡ ጻጋን ዓቕሚ ሰብን ምኽዕባት ወሳኒ ስለዝኾነ፣ ፍልጠትን ሞያዊ ክእለትን ግብራዊ ናይ ስራሕ ተመክሮን ኣፍራይነትን ንምድራኽ፣ እናተዳኸመ ኪኸይድ ዝጸንሐ ዲሲፕሊን ትምህርታዊን ሞያዊን ስልጠናታት

ንምሕያል ከኣ፡ ሽለል ኢልካ ዘይሕለፍ መድርኻዊ ዕማምን ዕቱብ ኣድህቦ ዝሓትትን'ዩ።

ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን፡

ኣብ መቓን ናይ ሃገራዊ ህንጸት ዕማማትና፡ ፖለቲካዊ ህንጸት ከም መብጽሒ (ወሲላ) ኣገዳሲ እጃም ስለዘለዎ፡ ምስናይ'ቲ ጉዕዞና ንምስንኻል ኪካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ተጻባኢ ግዳማዊ ሓንካሪ ህቀናታት፣ ብዙሕ ተማሂርናን ተመኩርናን ስለዘለና፣ ንመጻኢ መንግስታዊ ስርዓት መርሓ ፖለቲካዊ ጐደና ዝቕይስ ቅዋም ምንዳፍ ክጅምር ምዃኑ፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከፍልጥ እፈቱ።

ኣብ መደምደምታ፡ ነቲ ብዘይምሕላል ተጋዲሉ፡ ኩሉ መሰናኽላት ሰጊሩ፡ ብመስዋእቱ ናጽነት ክዉን ገይሩ፡ ኣብ ዘይስልኪ ልምዓት፡ ምስ ቄልዓ ዝሓዘላ ኣዴታት ከይተረፉ፡ ኣብ ከቢድ ልምዓታዊ ወፍሪ ዝርከብ ህዝቢ፣ ብጅግንነትን ሓበንን፡ ደሙን ረሃጽ ጉልበቱን ወፍዩ፣ ዋልታ ልዑላዊነትን ሕመረትን ዲናሞን ልምዓታዊ ህንጻ ኰይኑ፡ ቀትሪን ለይቲን ሓኹት ዝብል ዘሎ ኩሉ ክፋላት ሓይሊታት ምክልኻልን ድሕነትን፣ ናይ ክብሪ ሞሳ ይብጻሓዮ! ጥሉል ክራማት!

ዘልኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ!